# Opposition Group or "Aslekash"

# ተቃወምቲ'ዶ ወይስ "ኣስለቃሽ" ንበሎም

By Gebre Fessehazion

ሓደ እዋን ሓደ ተዋዛያይ ኤርትራዊ: ነዞም ንነብሶም ተቃወምቲ ወይ ክኣ (opposition Group) ኢሎም ዘጠመቕዋ: "ኣዲኣ ገዲፋስ ሓትንኣ ትናፍቕ" ክም ዝብሃል: ንኤርትራ ገዲፎም ንተጻባእቲ ብሓፈሻ: ንወያነ ድማ ብፍላይ: ክሕለቑሎም ምስ ረኣዮም "ኣስለቃሽ" ኢሉ ሰይምዎም::

ኣብ ኢትዮጵያ ልክዕ ከምቲ ኣብ መርዓ እዋን ከማዕርገልካ ተባሂሉ ደራፍይ ወይ ናይ ሙዚቃ ባንድ ቆጺርካ ተምጽእ: ኣብ እዋን ሓዘን ንመልቀስ ተባሂሉ "ኣስለቃሽ" ዝበሃላ ኣብ ክንዲ ሓዘንተኛ ክበኽያን: ሰባት ከብክያን ተኸፊለን ዝሰርሓ ብፍላይ ደቂ- ኣንስትዮ ኣለዋ (ሓደ ሓደ እዋን ደቂ ተባዕትዩ ኣለዉ):: እዘን ብኣስለቃሽ ዝፍለጣ ናይ ገዛእ ርእሰን ሓዘን ሃሊወን ዘይኮና ዝበኽያ ወይ ዘልቅሳ: ንገንዘበን ኢለን ኢየን::

ብዛዕባ ተርጉም "ኣስለቃሽ" ንምንታይ አድልዩ ዝበል ሕቶ ክልዓል ይከኣል ኢዩ:: መኽንያቱ ናይዘን ብ"ኣስለቅሽ" ተምሳል ዝሓዙ ብሽም "ተቃወምቲ" ዝፍለጡ ኣብ ክንዲ ንሃገሮምን ህዝቦምን ዝሕለቁ: በቶም ተጻባእቲ ኤርትራ ዝተኸልዎ ዳንኬራ ክኽዱዱ ስለዝረኣዩ ኢዮም::

ኣብዘን ዝሓለፈ 15 ዓመታት: ብፍላይ ክኣ ኣብዘን ዝሓለፈ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ናይ መኸተ ዓመታት ተጻባእቲ ኤርትራ: ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ከሕልፉን: ብዝተፈላለየ መንገዲ ንኤርትራ ከዳኽሙን መታን: ማእለያ ዘይብሉ ፈተነታት ክካይድ ከለዉ እዞም "ተቃወምቲ" ኢና በሃልቲ ከጣቕዑን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተወሳኺ እገዳታት ክብየን ክሓልሙን ክሓቱን ተራእዮም ኢዮም::

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሲነ እገዳ ንመን የርብሕ ንመን ከ ይጎድእ? ናይዚ መልሲ ብሓጺሩ ከመይ ገርካ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ተዳኽም እሞ: ኣብ ዝጥዕመካ ግዜ ኣምበርኪኽካ ከምቶም ካልኦት ከደምቲ አገልጋሊኦም ናይ ምግባር ዕላማ ኢዩ:: ዝኾነ ኮይኑ እቲ ብመንገዲ እገዳ ንኤርትራ ናይ ምብርካኽ ዝነበረ ፈተን ብሳላ ሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ፈሺሉን ትርጉም ዘይብሉን ኮይኑ ብርዕኑ ተሪፉ ኢዩ ::

ንመክት ነታ ባንደራና

ነዛ ተንበልብል ዘላ ኣብ ሰማይና

እዛ ናይ ሕድሪ ደወል ተሰማዓና

ጸር ክምዘሎና ተፍልጠና

ኣብዚ እዋን/ዚ ኸ? ኣብዘን ዝሓለፈ ዓመታት ጎሊሑ ዝተራእየ ነገር እንተሎ: ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ዒላማ ተጻባእቲ ከምዝኣተዉ ኢዩ:: ብፍላይ ኣብ 2012 ከም ሓድሽ ሞደል ዘተኣታትዎ ነገር ክኣ: ኩሉ ኤርትራውያን ዝገብርዎ ንጥፈታት ምፍሻል ወይ ምዝራግ ኢዩ::

ኤርትራውያን ዘካይድዎ ንጥፈታት: መዓልቲ ናጽነት: መዓልቲ ሰውኣት; ዓመታዊ ፈስቲቫላትን ካልኦት በዓላት ዘሪጎም ወይ ኣፍሽሎም እንታይ ኢዮም ክረብሑ? መን ኢዩም ከ እቶም ቀንዲ ተጻባእትና?

1. ሰብ ጸቢብ ረብሓ (ቀንዲ ተጻባእትና)

2. ከደምቲ (ከም በዓል ወያነ)

3. ኣስለቃሽ ወይ ሳዕሳዕቲ (ተቃወምቲ ኢና በሃልቲ)

እቶም ብሰብ ጸቢብ ረብሓ (ቀንዲ ተጻባእቲ) ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣእምሮ ብምቁጽጻር ሓድነትና ምብታኽን ቁጠባና ብምድኻም ነቲ ንጹር ራይኢ ኤርትራ ዝኾነ: ርእስኻ ምኽኣልን ነጻ መስመርናን ምፍሻልን ምድምሳስን ኢዩ:: እዚ ሓድሽ ታክቲክ ናይ ተጻባእቲ: ኣካል ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ኮይኑ ቐንዲ ዕላማኡ: ኤርትራ ቁጠባዊ ሓርነት ንምጉንጻፍ ትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ንምዕንቃፍን እንተ ተኻኢሉ ድማ ጻጋታታ ንምጉባጥ ኢዩ::

ሓይሊ የልቦን ክንዮ…    ሓድነትና

ንሱ እዩ ጽንዓትና

መሰረት ዋልታና

ጉዕዞና ንቐጽል … እብ መትከልና

ንኣብነት ኣብ ሆላንድ ዘጋጠመ: ኣብ ኣምርስፎርት ትባሃል ከተማ መጀመርያ መዓልቲ ናጽነት: ቀጺሉ ድማ መዓልቲ ሰውኣት ንኽይካየድ ከኽልክልዎ ፈተነታት ተኻይዱ ነይሩ ኢዩ:: **እቲ ዘገርም "ንሰማእታትና" ካብ ምዝካር ከልኪሎም እንታይ ኢዮም ክረብሑ? ክብሪ ናይ ሰማእታትና ምትንካፍ: ናይ ሕልና ፍርዲ ይብጽሓዮም ጥራይ ምባል ኢዩ::** ካልእ'ውን ኣብ ከባቢ ኣምስተርዳም ክካይድ ተመዲቡ ዝነበረ ፌስቲቫል ሆላንድ ንምፍሻል ፈተነ ተኻይዱ ነይሩ:: ተመሳሳሊ ናይ ተጻብኦ እከይ ግብሪ (ብመንገዲ ተላእኽቲ ዝኾኑ ከደምቶምን ኣስለቃሽን ) ኣብ ኤርትራውያን ዝቕመጥወን ሃገራት ንምውሳድ ላዕሊን ታሕትን ክብሉ ደቃስ ስኢኖም ቀንዮም::

እቲ መሰረታዊ መሰላትና ባህልና ምኽባር በዓላትና ምድማቕ: መዓልቲ ናጽነትናን መዓልቲ ሰውኣትናን ምጽምባልን ምዝካርን ሰብኣዊ መሰላትናን ኤርትራው ባህልናን ኢዩ::

ክንዮ ሕልምታቶም መታን ክንብድህ በዚ ሓድሽ ሞዴል ሒዘሞ ዘለው በዓላትና ብምብልሻውን ምስ ግብረ-ሽበራውያን ምትእስሳር ከምዘሎና ገርካ ዝቐርብ ጥቐነታት ከይተናወጽናን ከይተረበሽናን ኣብ ሓደ ህርመት: መስመርናን ማእዘናን ብምሕላው መኸትና ምሕያል የድልየና::

ተንኮላት ተጻባእቲን ዕላማ መኸተናን ትገልጽ: ወዲ ትካቦ ኣብ 5ይ ፌስቲቫል መንእሰያት ሳዋ በታ "ዋርሳይ ገዲም" ትብል ደርፉ ገይሩ ገሊጽዎ ኢዩ…

….. ከም ሓላዊ መሸላ

ከይዓልቡኻ ብላዕሊ ባርኖሳይ

ብታሕቲ ሓሰኻ

ወዲ ረዚን ታሪኽ እዛ ርስቱ ወኒኑ

ጽኑዕ ሽይሞሙኻ ወንጭፉ ዘይፍኑው . . .

**ዓወት ንሓፋሽ**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**